# ERITREAN DEMOCRATIC ASSOCIATION, INC.

A Nonprofit Public Benefit corporation

## ወፍሪ ግብረ-ሰናይ ኣብ ሳንታሮዛ

ግዱሳት ኤርትራውያን ተቐማጦ በይ-ኣርያ ካሊፎርንያ ብዕለት 24 ሰነ 2006 ዓ .ም. ኣብ ከተማ ሳንታሮዛ ተኣኪቦም ንማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ዝውዕል ሓገዝ ገንዘብ ወፍዮም።

**Main Office:**
2445 Kally Ct., Santa Rosa, CA 95403
Tel: (707) 546-2716  Fax: (707) 455-8534
Email: edaeritrea@aol.com




እቲ መደብ ብኣብ ካሊፎርንያ ዝመደበሩ፤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር (ኤ.ደ.ማ)፤ በይ-ኣርያ ቻፕተር ዝተዳለወ እዩ ኔሩ። ኤ.ደ.ማ. ንሰብኣዊ መሰል ክሕለኽ፤ ትምህርታውን ረድኢታውን ንጥፈታት ንምክያድ ዝቖመ ኰይኑ፤ ኣብ ምሉእ ዓለም ቻፕተራት (ጨናፍር) ብምቛም ንጥፈታቱ ኸካይድ ሕጋዊ ፍቓድ ዝውንን ማሕበር እዩ።

ኣባላት ኣካያዲ ቦርድ ኤ.ደ.ማ. ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቦም፤ ዕላማ ናይቲ ወፍሪ ምእካብ ሓገዝ፡ ንማሕበር ኣካለ-ጽጉማን ኤርትራ፤ ማለት ኣላዪ ናይቲ ኣብ ከሰላ ዘሎ መደበር ውጉኣት ሓርነት፡ ንዘሰላስሎ ዘሎ ዕማማት ምእንቲ ክዕወት ንምትሕብባር ምዃኑ ኣብሪሆም። ብምቕጻል እዞም ንሃገራዊ ናጽነትና እናተቓለሱ ከለዉ ዝሰንከሉ ብጾት፤ እሞ እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ክሓቑፎምን ክኣልዮምን ዘይከኣለ ኣብ ስደት ኣብ መደበር ውጉኣት ሓርነት ከሰላ ዝርከቡ፤ ዓቕምና ዘፍቅዶ ክንሕግዞምን ከነታባብዖምን ሃገራዊ ግዴታን ሰብኣዊ ሕልናን ከምዘለና ንኣኼበኛ ኣዘኻኺሮም።

ንሰዓታት ዝቐጸለ ምይይጥ፤ ኣኼበኛታት ብወገኖም ስንኩላትና ንምርዳእ ዘተኮረ ኣገዳሲ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ እንነብረሉ ሃገር ንነብሶም ክኣልዩ ዘይክእሉ ዜጋታቱ ብመንግስታውን ዘይመንግስታውን

**Main Office:**
2445 Kally Ct., Santa Rosa, CA 95403
Tel: (707) 546-2716  Fax: (707) 455-8534
Email: edaeritrea@aol.com

ትካላቱ ጌሩ ከምዝጸሮም ንዕዘብ። እዚ ድማ እቲ ህዝቢ ናይ ግብረ-ሰናይ ባህሊ ስለዘለዎ፥ ካብ ንዜጋታቱ ሓሊፉ ናብ ዝኼነ ኩርናዕ ናይ ዓለም ብባህርያዊ ይኹን ብውግእ ዝተጎድአን ዝተመዛበለን ህዝቢ ረድኣት ክሰዱን ኣብቲ ቦታ ከይዶም ክሕግዙን ኣቓልቦ ገበርቲ ሰናይ ክስሕቡን ንዕዘብ፡፡ ንሕናውን ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰናይ ባህሊ ክነዕቀቡን ክነዘውትርን ይግባእ ኢሎም።

ኣብ መደምደምታ $1600.00 ዶላር ከምዝተኣከበ ንኣኼበኛ ተሓቢሩ፡፡
ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት መጺኦም ንዝተሳተፉ፥ ከምኡውን ገዝኦምን ሺሻዮምን ዝለገሱ ስድራ ቤት ብምምስጋን መደብ ተፈጺሙ።

ኤ.ደ.ማ.
በይ-አርያ ቻፕተር

**Main Office:**
2445 Kally Ct., Santa Rosa, CA 95403
Tel: (707) 546-2716  Fax: (707) 455-8534
Email: edaeritrea@aol.com